*** ኣብቲ ጻዕዳ ልበይ! ***

ካብ ዝፍለጠኒ፣ ንዓኺ ፈሊጠ፣
ዝያዳ ኣፍቂረኪ፣ ካብ ኩሉ ኣብሊጸ፣
ኣብ ዓይነይ ሰፊርኪ፣ ብስምኪ ኣጋይጸ፣
ካብ ጸላም ንብርሃን ከገልግለኪ መሪጸ፡፡

ከም ሓንቲ ትንፋስ፣ ህርመት ልበይ፣
ከም ኣብ ገጸይ ብሮት፣ መፋጥርተይ፣
ንሸኺ ስፍሓት ዓለም፣ መባእታ ባህገይ፣
ዕግበት መንፈስ፣ መዛዘም ሕልምታተይ፡፡

ሓንትን ንሓዋሩን፣ መሳጢት ወኒ፣
ሕልኽላኽ ሓረግኪ፣ ተኽሊ ወይኒ፣
ፈልፋሊ፣ ወሓዚ ከም ማይ ዓይኒ፣
ምሕረት ዘይፈልጥ ፍቕርኺ ማሪኹኒ፡፡

ጣዕመይ ንሸኺ፣ ዘምልኽኪ ጣዖት፣
ማሙቕ ውሻጠ፣ ዘድንቐኪ ሽመት፣
ኣፍቂረ፣ ከፍቅረኪ ከፊለ ብህይወት፣
ናይ ሎሚ ግዕዞና ኣይኮነን ሃንደበት፡፡

ጥዑምኪ ፈሊጠ፣ ንዓኺ ካብ ዘፍቅር፣
ብስምኪ፣ መጕተ፣ ብስምኪ ክፍክር፣
ንጸላም መኪተ ናብ ብርሃን ክሰግር፣
ዓመታት ሓሊፉ፣ ብዘመን ዝቑጸር፡፡

እቲ ተወጠረ መትከል፣ ዝመረሸ እግሪ፣
እቲ ኩልኳል ትሕዞ፣ ናይ ስውኣት ሕድሪ፣
ብኣልቦ ፍትሒ ዘይድምሰስ ሓያል ኒሕ ባሕሪ፣
ከም ኪዳን ቋጺረዮ ክረኽበሉ ምሉእ ክብሪ፡፡

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

ንሞጎስ ማዕረ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራውያን!

ህድኣት ኤፍረም